# ሰንበት ዘልደት

## ጥሪ 4 2027 ዓ.ም. (1/12/2025).

**መዝሙር፡** ይሠርቅ ኮከብ... ካብ ያዕቆብ ኮኾብ ክወጽእ እዩ፥ ካብ እስራኤል ኃጢአት ከጥፍእ እዩ፥ አነ በኹረይ ኽገብሮ እየ ካብ ኩሎም ነገስታት ምድሪ ልዑል እዩ፥ ንኹላ ምድሪን አብ ልዕሊ ኹሉ አድባራት ምስክር ክኸውን እዩ። ሎሚ አብ ሰማያት ሰራዊት መላእኽቲ ይሕጎሱ፥ አነ ኽአ በኹረይ ክገብሮ እየ አነ ኽአ በኹረይ ክገብሮ እየ።

**ንባባት፡** ሮሜ 11፡25-ፍ፥ 1ዮሕ. 4፡1-9፥ ግ.ሓ. 7፡17-23፥ ማቴ. 2፡1-13።

**ስብከት፡** ወአነሂ በኲርየ እረስዮ። ወልዑል ውእቱ እም ነገስተ ምድር፥ ውለዓለም አዓቅብ ሣህልየ። አነ እውን በኹረይ ክገብሮ እየ፥ ንሱ ኻብ ነገሥታት ልዕል ዝበለ ኺኸውን እዩ፥ነቲ ዘተስፈኽዎ ምሕረት ንዘለዓለም ክሕልወሉ እየ፥ ኪዳነይ ከጽንዓሉ እየ መዝ. 89፡፡27-28።

፫ይ ክፍሊ ዓመት ኢና ሒዝና ዘሎና ካብ 26 ታሕሣሥ - 25 መጋቢት ሓጋይ። አብ ዘመነ ሓጋይ አዋርኅ ነቕጽን ደርቅን እዩ አብኡ ዘመነ አስተርእዮን ዘመን ጾምን ይርከብ።

ድሕሪ ብዓለ ልደት ዝመጽእ ሰንበት ዘልደት ይብሃል፥ ንባባቱን ትሕዝቶ ጸሎቱን ልክዕ ከም ናይ ልደት እዩ። አብ ናይ ዕለቱ ሰንበት መዝሙር ተመስሪትና ክንርእዮ ከሎና ከምዚ እናበልና ንዝምር፥

እናበለ እቲ ካብ ያዕቆብ ዝውለድ ባሕርና ሥጋና ለቢሱ ንኹሉ ከም ዝቐየሮ ይነግረና። ናይ ኢየሱስ ልደት ንፍጥረት ተሓድሶ እዩ አምጺእሉ። ምስቲ ምንጪ ዝኾነ አምላኽ ዕርቂ ስለ ዝፈጠረሉ ተፈጥሮ ፍጡር ተሓዲሱ እዩ እሞ ንተሓጎስ ንዘምር።

ልደት ክርስቶስ አብ ዓለምና ምስተበሰረ ዝተፈላላአየ ምቅባል እዩ ተገርሉ። ጓሶት ነቲ ዝተነግሮም ሰናይ ዜና ውዓል ሕደር ከይበሉ ምስ ምሉእ ህያባቶም ክበጽሕዎ ከይዶም ነቲ ኹሉ ዝተነግሮም ብዓይኖም ርእዮም ንአምላኽ አመስጊኖም ነቲ ዝረአይዎ ኸአ ንብዙሓት ነጊሮም ብኻልእ አዘራርባ ንክርስቶስ ሰቢኾም። መድኃኒ ተወሊድልኩም አሎ ዝብላ ቃላት ንበይኖም ክሕዝወን አይደለዩን ምስ ካልኦት ሰባት ክካፈልወን ደልዮም ሰቢኾም ነጊሮም። ሰብአ ሰገል ካብ ርሑቕ ምስራቕ መጺኦም ሰገዱሉ አምኃ አቕረቡሉ “ወርቂ ከርበን ዕጣንን” እዚ ኸአ ንሕማማቱን ሞቱን አምላኽነቱን ዝገልጽ ህያባት እዩ። ንሶም ነቲ ዝረአይዎ ብእምነት ተቐቢሎም ንዓዶም ተመሊሶም። ንናይ ሰማይ ንጉሥ ተቐቢሎሞ ነቲ አምላኽ ዘርአዮም ጸጋ ተቐቢሎም መስኪሮሞ።

ሄሮዱስ ንጉሥ ግን ነቲ ዝተነግሮ ልደት መድኃኒ ክቕበሎ ክአምኖ አይደለየን እኳ ድአ ክቐትሎ ዝክአሎ ገሩ፥ አብ ከባቢ ዝነበሩ ሕፃናት ካብ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ንዝነበሩ ንኹሎም ክቕተሉ አዚዙ አቕቲልዎም። እዞም ሕፃናት አብ ክንዲ ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ዝሞቱ ቀዳሞት ሰማዕታት ንብሎም። ቅድስንኦም ብኻልተ መገዲ እዩ ዝግለጽ መጀመርያ ንጹሓት ሕፃናት ምዃኖም ካልአይ ከአ አብ ቦታ ክርስቶስ አብ ክንዲ ክርስቶስ ስለ ዝሞቱ ሰማዕታት ብሞቶም ስለ ዝመስከሮ ቅዱሳን ንብሎም።

ማቴዎስ ወንጌላዊ ንብስራት ልደት ክርስቶስ መላእኽቲ ከምዝነገርዎ እሞ ነቶም ኣሚኖም ዝተቐበልዎ ኸአ ኣምላኽ ከምዝነገሮም ይነግረና። ሰብ ኣብ ሕይወቱ ኣምላኽ ዝተፈላለየ ነገራት ክነግሮ ወይ ክልእኮ ምስደለ ልኡኹ ከምዝሰድድ ንርኢ። ነብያት ኣብ ብሉይ ኪዳን ልኡኻት ኣምላኽ ኮይኖም ንደቂ እስራኤል ድላይ ኣምላኽ ይነግሩ ነሮም። ህዝቢ ኸአ ኣምላኽ ነቢይ ሰዲዱልና ኢሎም ንመልእክቲ ኣምላኽ ይሰምዑ ነሮም። ክርስቶስ ብርእሱ ልኡኽ ኣምላኽ ኮይኑ ንኣና መሲሉ መጺኡና፥ ካብዚ ዓለም ቅድሚ ምፍላዩ ንሓዋርያቱ ኣብ ኩሉ ከይዶም ትምህርቱ ከምህሩ ልኢኽዎም። ቅዱስ ጳውሎስ ንጢመቴዎስ ረድኡ ገስጽ ምሃር ንቃል ኣምላኽ ብዘይ ስግኣት ንገር እናበለ ክምስክር ክምህር ክልኣኽ ነጊርዎ። ሎሚ እውን ክርስቶስ ዝልኣኽዎ ድላዩ ዝነግሩ ይደሊ ኣሎ፥ ነፍሲወከፍና ብጸጋ ጥምቀት ኣብ እምነት ዝሓበርና እዚ እዩ መልእኽቲ ፈጣሪና። ኣብዛ ብስራት ልደት ዘንጊዓ እትሕመስ ዘላ ዓለምና ብስራት ሰላም ክነብጽሓላ ነቲ ፍቕሪ ጎዲልዎ ዘሎ ፍቕሪ ክርስቶስ ክነግሮ ክንልኣኾ ይሓተና ኣሎ።

መልኣኽ ዘውጽኣሉ ስም ኣማኑኤል እዩ፥ እግዚኣብሔር ምሳና ማለት እዩ። ልደት ክርስቶስ ነዚ እዩ ዘዘክረና፥ “ኣምላኽ ምሳና ከምዘሎ”። ኣብ ትምህርቲ እምነትና ክርስቶስ ብብዙሕ መገዲ ኣብ ማእከልና ይርከብ እዩ፥ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ኣብ ምስጢራቱ፥ ብቃሉ፥ ከምኡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ብዝህበና ምልክታቱ ምሳና ኣሎ።

ሓደ እዋን ሓደ ንቑዕ ካቲሊካዊ ንሓደ ጥዑይ ዓርኩ ኣስላማይ ኣብ ሓደ ናይ ቊምስናኡ ብዓል ክሳተፍ ዓዲምዎ። እቲ ዕዱም ኣስላማይ ዕድሚኡ ኣኽቢሩ ምስ መጸ ብጽቡቕ ተቐቢሉ ኣብ ቤተ ጸሎት ወሲድዎ እናኣርኣዮ እንከሎ ኣብ ቅድሚ መንበረ ታቦት ምስ በጽሑ እቲ ካቶሊካዊ ሰጊዱ፥ እቲ ኣስላማይ ነዚ ዝገበሮ ኣስተውዒልሉ እንታይ እዩ ድኣ ዝገበረ ኢሉ ብልቡ ሓሲቡ፥ ደገ ምስ ወጹ እንታይ ድኣ ኢኻ ዝገበርካ ኢሉ ሓቲትዎ፥ እቲ ካቶሊካዊ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ኣብ ኣምላኽይ እየ ሰጊደ ኢልዎ፥ ኣብዚ መንበረ ታቦት ኢየሱስ ኣምላኽ ኣብኡ ኣሎ ኢልዎ። እቲ ኣስላማይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽኩምን ጎይታኹምን ኣብኡ ኣሎ ማለትካድዩ ኢልዎ። እወ እናበለ እቲ ካቶሊካዊ መሊሱ፥ እቲ ኣስላማይ ከምዚ ኢልዎ እዚ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽካን ጎይታኻን ኣብ መስግድና እንተ ዝመጽእ ብቕድሚኡ ክሓልፍ እንከሎኹ ምስጋድ ጥራሕ ዘይኮነ በጥ ኢለ ምሰገድኩሉ ኢልዎ ይብሃል። እዚ ኸአ ኣብ ገለ እዋን ነቲ ኣብ መንጎና ዘሎ ኣምላኽ ዝግብኦ ክብርን ኣምላኾን ኣይንህቦን፥ ወይ እውን ብርእሱ ኣብ መንጎና ከምዘሎ ኣይንሓስቦን ልደት እምብኣር ነዚ ኣብ መንጎና ዘሎ ኣምላኽ ክነለሊ ዝሕግዘና እዩ።

ልደትና ትርጉምን ብሓቂ ፍረ ክህልዎ ክንገብሮ ዝግብኣና ነገራት ኣሎ፡

- ኣምላኽ ሰብ ኮይኑ ንሕና ምእንቲ ኣማልኽቲ ክንከውን። ምስጢረ ስጋዌ ዝሕብሮ ኣምላኽ ባህሪ ሰብ ለቢሱ ሰብ ምእንቲ ባህሪ ኣምላኽ ክለብስ። እዚ ዓቢ ምስጢር ኣብ እምነት ክርስትናና ንፍሉይ ነገር ዝዕድመና እዩ። ኣብ ባህሪ ኣምላኽ ምስታፍ ማለት ሕይወትና ብዘይ ኃጢኣት ዓቂብና ኣብ ቅድስና ምንባር ማለት እዩ። ነዚ ንኡ ክንመስል ንኣና ዝመሰለ ክርስቶስ ብኹሉ ንምሰሎ።

- ብልደት ወዱ ፍቕሩ ገሊጹልና። ዝዓበየ ፍቕሪ ነቲ እተፍቅሮ ምምሳል እዩ፥ኣምላኽ ንኣና መሲሉ ብኹሉ ብዘይ ኃጢኣት። ኣብዚ እዋን ልደት እምብኣር ምስ ኣምላኽን ምስ ሰብን ዘሎና ፍቕሪ ገምጊምና ክንክእል ኣሎና። ሎሚ ክርስቶስ ኣፍቂረኩም እየ እሞ ፍቕርኹም ኣብ መንጎኹም ኣርእዩኒ ይብለና ኣሎ። ክንፋቐር ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ።

- ንኢየሱስ ክንቅበሎ ኣሎና። ህያብ ሰማያዊ ኣቦና ኾይኑ ኣብ ማእከልና ንዝሓደረ ክርስቶስ ክንቅበሎ ኣሎና። ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ህላዌ ኣምላኽ ኣሚና ብቕድስና ክንጉዓዝ እንከሎና ንቕበሎ ኣሎና። ሎሚ ክርስቶስ ዝቕበሎ ደልዩ ብኣፍደገ ገዛና ኣብ ዓድና ብቊምስናና ይሓልፍ ኣሎ። ከምቶም መላእኽቲ ንኢየሱስ ክቕበሉ ኣብ በዓቲ ዝኸዱ ዘይኮነ ሎሚ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ኮይኑ ኣብ ቤተ ክርስትያኑ፥ ኣብ ኣሕዋትና ብዝተፈላለየ

ጸገም ዝርከብ ከምኡ ኣብ ሕሙማት ኣብ እሱራት ኣብ ኩሉ ኮይኑ ክንቅበሎ ይደሊ ኣሎ።

- **ኢየሱስ ህያብ ይፈቱ እዩ።** ቀዳማይ ምልክት ልደት ህያብ ምሃብ እዩ ምኽንያቱ ኣምላኽ ንሓደ ወዱ ህያብ ገሩ ሂቡና። ሎሚ ንሕና እውን ወሃብቲ ክንከውን ፍቕሪ ሰላም ምሕረት ንርእስና ክንህብ ከምኡ ንኸማና ዝበሉ ሰባት ክንህብ። መንፈሳዊ ህያባት ክንቀባበል ድላይ ኣምላኽ እዩ። ዘይህብ ኣይውሃብን እዩ። እሞ ሎሚ እንታይ ክህቦ ንክርስቶስ ኣምላኽይ ኢልና ህያባት ንመርጸሉ።

- **መለልዪ ልደት ሰላም እዩ።** መላእኽቲ ቀዳማይ ነገር ምኽንያት ልደት መድኃኒ ገሮም ዝአወጅዋ ሰላም ንኣምላኽ ኣብ ሰማያት ሰላም ኣብ ምድሪ ንደቂ ሰብ ንሰብ ጽቡቕ ድላይ ኢናበሉ እዮም ኣበሲሮም። ሎሚ ሰላም ኣበላ ኢልና እንሓተሉ እዋን እዩ። ሰባት ሰላም ጠፊኡና ኣብ ኩናት ኣድሕድ ኢና እንርከብ ዘሎና። እሞ ሎሚ ንሰላም ክንለብሳ የድሊ። ኣብ መንገና ንሰላም ክንረኽባ የድሊ። ሰላም ጠፊኣትና እንተላ ሎሚ ኣብ ክርስቶስ ዋንኣ ንርከባ። ንዝበደለ ሓውና ምእንቲ ሰላም ንምሓሮ ኣምላኽ ነዚ እዩ ብልደት ወዱ ኣርእዩና።

- **ልደት ናይ ሓጎስ እዋን እዩ።** ብልደት መድኃኒና መላእኽቲ ናይ ሓጎስ መዝሙር ዘሚሮም። ጓሶት ንሓጎሶም ነጊሮም ከምኡ ሰብአ ሰገል እናተሓጎሱ ንዓዱም ተመሊሶም ኩልና ሎሚ ሓጎስ ክርስቶስ ኣብ ቤትና ክአቱ ክንከፍተሉ ይግባእ። ተኻፈልቲ ሓጎስ ክንከውን ምስጢር ልደት ክንርዳእ የድሊ። ጋሻና ክርስቶስ ተቐበሉኒ ይብለና ኣሎ ንቀበሎ ሽው ሓጎስ ክዓስለና እዩ።

ብሑት ጊዜ ወሲድና ንኣምላኽ ክንረኽቦ ክንሰምዖ ዕብየት ትስብእቱ ክሶቕረና ሎሚ እዋኑ እዩ። ጸልማት ብብርሃን እንተ ዘይተሳዕረ ኩሉ ጊዜ ጸልማት እዩ ዝኸውን ልደትና ብርሃን ክርስቶስ ክበርሆ ነፍስወከፍና ጥዋፍ ልብና ኣብሪህና ክንቀርቦ እሞ ንሱ ዝብለና ክንሰምዕ።

ቅዱስ ሉቃስ ነቲ ኩሉ ኣብ ልደት ክርስቶስ ዝኾነ ነገራት ማርያም ከመይ ገራ ትርድኦ ከምዝነበረት ክሕብረና ኢሉ ንኹሉ ኣብ ልባ ትሕዞ ነበረት ይብለና። ምስጢር ኣምላኽ ኣብ ልብና ክሓድር እንከሎ ጥራሕ ኢና ክንርድኦን ክንቅበሎን እንኽእል። ነቲ ብቃሉ ብቤተ ክርስትያኑ ኣብ መንገና ዝርከብ ዘሎ ክርስቶስ ክንቅበሎ ይግብኣና። ኣብ ልብና ቦታ ንሃቦ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ልደት ከመይ ክገብር ይግብኣኒ እንታይ ኣሎ ብወገነይ ክዕርዮ ዝግብኣኒ ኢልና ኣብ ውሽጥና ክንኣቱ የድልየና። ሕይወትና ከም መንደቕ ብኃጢኣት ብኽፍኣት ተሪሩ እንተሎ ሎሚ መዓልቲ ምፍራሱ እዩ ንሰይጣን ስዒርና ንጽድቂ ክንኣትዋ የድሊ።

ልደት ናይ በይንና ብዓል ጥራሕ ኣይኮነን ናይ ኩልና ደቂ ሰብ ብዓል እዩ፥ እንተ ኾነ እዚ ኣብ ገለና ጥራሕ ክተርፍ ስለ ዘይግባእ ክንሰብኮ ክነግሮ ትሑዛት ኢና ልዕሊ ኹሉ ኣብ ጽጉማት ኣብ ብኡሳት ኣብ ብርሃን ክርስቶስ ዝርሓቑም ክንቀርብ ክንሕግዞም ሓላፍነት ኣሎና። ሎሚ ሰብ ንኣይ ጥራሕ ዝብል መንፈስ መሊኹዎ ንሓዉ ንሓፍቱ ክርኢ ዓይኑ ዓዊሩ ዘሎ ልደት ክርስቶስ ምእንቲ ድሕነት ኩሉ ዝመጸ ኣብ ኩሉ ልብን ናብራን ሕይወተን ነእትዎ።

ጣዕምን ምስጢርን ልደት ብዝያዳ ዝተረድኣት ማርያም እያ። ንሳ መለኮት ኣብ ከርሳ ምስ ሓደረ ፍሉይ ጸጋ ተዓዲላ ንድላይ ኣምላኽ ብዝያዳ ክትፈልጥ ጸጋ ተዓዲላ ስለዚ ኣምላኽ ዘይደልዮ ሕይወት ክትመርሕ ኣይናታና እዩ ነሩ። ንሳ ወዳ መን ምዃኑ ዝያዳ ኩሉ ትፍልጥ እያ ሎሚ እምብኣር ምስጥር ፍቕሪ ወድኺ ርኢና ክንክእል ሓግዝና ነብላ። ኣብ ኩሉ እንጽልዮ ምእንቲ ሰላምን ሕደገትን ንጸሊ ኣምላኽ ከአ ነዚ የኽእለና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ